# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

ከነሳልየኩም

## ያያ ቱረ - ዓንዲ ማእከል ሜዳ

ብ13 ማርች 1983 ኣብ ሌጎስ - ናይጀርያ'ዩ ተወሊዱ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምስ ማንቸስተር ሲቲን ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስትን ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ስሙይ ኣይቮርያዊ ተጻዋታይ ኮይኑ፣ ኣብ ማእከል ሜዳ ጥቡብን ሓይልን ኣወሃሂዱ ንመጋጥምቱ ኣሪእሉም ብምዃር ንኹዕሶ ከሓሀያ ዘይእግሞ፣ ካብ ምክልኻል ናብ ምጥቃዕ፣ ካብ ምጥቃዕ ናብ ምክልኻል እናተሰጋገረን እናተወናጨፈን ክጻወት ዝኽእል፣ ንመቓናቐንቱ'ኳ ፈንጢሱ ወይ ሰሊኹ ናይ ምሕላፍ ጥቡብ ከምኡ'ውን ቴክኒካዊ ክእለት ምስ ኣካላዊ ድርዒ ዘተዓደለ ተጻዋታይ'ዩ - ያያ ቱረ።

ያያ ቱረ ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮነ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም ሞያ ወሲዱ ምስ ናይ ሃገሩ ክለብ ሚሞሳስ ምጽዋት ጀሚሩ። ብበቐዓትን ኽእለትን ኣጸውታኡ ደማ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት፣ ማለት ኣብ 2011 ፣2012 ከምኡ'ውን ኣብ 2013 ዝበለጸ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ተባሂሉ ልዑል ክብሪን ሽልማትን ረኺቡ።

በቲ ግሩም ናይ ምጽዋት ክእለቱን ልዑል ብቕዓቱን ልቦን ዝተሰልበ ክለባት ኤውሮጳ ኸኣ ንዓይ ንዓይ ክብላኦ ግዜ ኣይወሰደለንን። ካብ'ዚ ብምንቃል በብተራኡ ኣብ በልጃም ምስ በቨረን፣ ኣብ ዩክሬን ምስ ሜታሉር ዶኔስክ፣ ኣብ ኣብ ግሪኽ ምስ ኦሎምፒያኮስ፣ ኣብ ፈረንሳ ደማ ምስ ሞናኮ ተሰሊፉ ብምጽዋት ዝዩዳ ክእለትን ተመክሮን እናደለበ መጺኡ።

ኣብ 2007 ያያ ቱረ ናብ ባርሰሎና ግዝኡ ኣብ ልዕሊ 100 ኣብ ዝኾኑ ግጥሚት ናብ ሜዳ ብምውራድ፣ ውሕልነት ዘሰነዮ ጸወታታት ኣርእዩን ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩን። ኣብ 2010 ከኣ ንባርሰሎና “ድሓን ኩኒ” ኢሉ ምስ'ታ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዛ ኣዒንታ ኣውዲቓትሉ ዝነበረት ማንቸስተር ሲቲ ተጸንበረ። ያያ ቱረ ኣብ ናይ ፍርቂ ፍጻሜን ዛዛምን ግጥሚት ዋንጫ FA ናይ 2011፣ ወሰንቲ ዝኾና ሸቶታት ንማንቸስተር ሲቲ ከየዝዞማ ብምኽኣል ዓቢ ክብሪ ኣገናጺፍዎ'ዩ።

ያያ ቱረ ሓወን ሃገሩን ህዝቡን'ውን እዩ። ካብ 2004 ጀሚሩ ምዱብ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስት ክኸውን ከሎ፣ ንዝኑ ወከሉ ኣብ 2006 ከምኡ ደማ ኣብ'ቲ ብደረጃ ዓለም ብሬፉ ዝተዳለወ ናይ 2010 ውድድር ዋንጫ ዓለም ተጻዊቱ።

ቱረ ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ካብ 2006 ኣትሒዝካ ክሳዕ 2013 ኣብ ዝተሰላሰለ ሓሙሽተ ውድድራት ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ ንዝኑ ወከሉ ተጻዊቱ። ኣብ 2008 ከምኡ'ውን ኣብ 2012 ደማ ምስ ምርጽቲ ጋንታ ናይ “ካፍ” ክርቋሕ በቒዑ።



ቱረ፣ ኣብ 20 ታሕሳስ 2012 ኣብ ኣክራ - ጋና ኣብ ዝተገብረ ጽምብል ምዕዳል ሽልማት ንኻልኣይ ግዜኡ ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ኮይኑ ኣኽሊል ዲል ክደፍእ ከሎ፣ ብምሕር ታሕጓስ ነቲ ዝተዳለወሉ ሽልማት ገጹ ብንብዓት እናተሓጸበ ከም ዝተቐበሎ ይዝከር'ዩ።

ፈላሚት ሸቶኡ ናይ ዓመተ 2013 - 2014 ደማ ኣብ'ቲ ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ውድድር ፕሪምየር ሊግ ማንቸስተር ሲቲ ንኒውካስል ኣርባዕተ ብባዶ ዝሰዓረትሉ ግጥም፣ ብናጻ ቅላዕ ንሱ ዘመዝገቦ'ያ።

ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ንቸልሲ ዳግም ዝሰዓረትሉ ኣብ ሚያዝያ ናይ 2013 ዝተኻየደ ሓውሲ - መዛዘሚ ግጥም ዋንጫ FA፣ ቱረ ብዝርኣዮ ብሉጽ ጸወታ ናይ'ቲ ግጥም ኮኾብ ኮይኑ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ ምኽትል ሓላፊ ጋንታ ንምዃን ደማ ተመርጸ። ኣብ'ዛ ወርሒ'ዚኣ ከኣ ምስ ክለብ ሲቲ ክሳዕ 2017 ዘጽንሖ ሓድሽ ውዕል ከቲሙ ጥራይ ዘይኮነ፣ ሺንሰንት ካምጋኒ ኣብ ዝሾረሉ እዋናት ንዕኡ ተኪኡ ነታ ጋንታ ክመርሓ ጸኒሑን ኣሎ።

ያያ ቱረ ናይ ምጥቃዕን ምክልኻልን ሜላ እናቐያየረ ንሰዓቡቱ ጸብ ንመጋጥምቱ ከኣ ሓሞት ዘስቲ ዓንዲ ማእከል ሜዳ'ዩ። ብርታዐኡ ብቐንዱ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓቱን ሰንጢቕካ ምሕላፍን ዝምርኮስ ኮይኑ፣ ኣፍቀርቲን ተንተንትን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ፣ ንኣካላዊ ሓይሉን ኣብ ፍርቂ ሜዳ ብዘርጉበሮ ኣደንጻዊ ጉያን ብምዕዛብ፣ “ሰባዊ ባቡር! ” (ሆዩማን ትረይን)፣ እንሓንሳእ'ውን “ ዓርሞሸሸ ” ኢሎም ክጽውዕዎ ይስምዑ'ዩም።

ያያ ቱረ፣ ነቲ ኢብራሂም ቱረ ዝበሃል ናይ ክለብ ማላስ ተጻዋታይ ምዕባዩ፣ ነቲ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስት ወዲ ጋንታኡ ኮሎ ቱረ ኸኣ ምንኣሱ'ዩ።

## ፓቺ - በዓል መስተንክር ጸጋመይቲ እግሪ

ካብ 1987 ክሳብ 1998 በታ መስተንክራዊት ጸጋመይቲ እግሩ፣ ብጺጋማይ ክንፊ ከም ኣጥቃዓይ ብምጽዋት፣ ንደቂ ጋንትኡ ኩዕሶ መጢኑ ኣብ ምሃብ፣ ኩዕሶ ካብ መስመር ሕንጻጽ ግዳም ኣብ ምዕጻፍ፣ ኩዕሶ ኣብይ ትዓልብ ፈሊጡ ቦታ ኣብ ምሓዝ ሐደት መወዳድርቲ ዝነበሩዎ ከምኡ'ውን ብዝዊሕ ካብ ሓላዊ ልዳት ብርሃን ኣርኣያ (ብሬታ) ንዝተቐልዐት ኩዕሶ፣ ብፍጥነት ኣርኪቡ ሸቶ ዝሰርሕን መሳጢ ክእለት ዘንጸባርቐን ዝነበረ ተጻዋታይ'ዩ - ናይ ቀድም ተጻዋታይ ኣስመራ ቢራ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ኣሰልጣኒ ክለብ ኣልታሕረር ሚከኤል ሃብተ (ፓቺ)።

ሚከኤል (ፓቺ) ኣብ ኣስመራ ቤትመኻእ ተወሊዱ ዓብዩ። ኣብ እዋን ህጻንነቱ ኣብ ከባቢ ገዛውቱ ቤት መኻእ ምስ ደቂ ገዛውቱ ኩዕሶ ጨርቂ ክጻወት ከሎ፣ ብጺጋመይቲ እግሩ ልዑል ምልክትን ክእለትን ኩዕሶ የንጸባርቕ ነበረ። ጉብዝ ምስ በለ ደማ ናይ ምምሕዳሩ (ናይ ሽዑ ቀበሌ) ወከሉ ክጻወት ጀመረ። ፓቺ፣ ኣብ'ቲ ናይ ምምሕዳራት ጸወታ ብሉጽ ብቕዓት የንጸባርቕ ብምንባሩ፣ “ናይ ምምሕዳራት ኮኾብ ተጻዋታይ” ተባሂሉ ሽልማት ተቐቢሉ ነይሩ።

ንፓቺ፣ ጌና ተመሃራይ ከሎ ኣትሒዞም'ዮም ዝተፈላለያ ዓበይቲ ክለባት ኣስመራ ዓይኖን ዘውድቓሉ ዝነበራ። ኣብ 1985 ናይ 3ይ ዲቪዥን፣ 'ሄለንስ' ዝተባህለት ክለብ ኣብ ሕቑፉ ጸንበረቶ። ምስ ክለብ ሄለንስ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ብበቐዓት ድሕሪ ምጽዋት፣ ናብ ናይ 2ይ ዲቪዥን ክለብ ዳህላክ ተሰጋገረ። ምስ ክለብ ዳህላክ'ውን ብቕዓቱ መሊሱ ብምብራኹ፣ ብሉጽ ናይ ጺጋም ኣጥቃዓይ ብምዃን ንስሙ ኣድመቐ። ስለዝኾነ፣ እተን ዓበይቲ ክለባት 1ይ ዲቪዥን ኣስመራ፣ ኣብ ሕቑፈን ንኽጽንበር ክሃድንኦ ጀመራ። ፓቺ ግን ምስ'ታ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓያላትን ብሉጻትን ተጻውቲ ዝነበርዋ ክለብ ኣስመራ ቢራ ክጽንበር ወሰነ። ኣብ 1987 ከኣ ምስ ክለብ ኣስመራ ቢራ ስሩዕ ልምምዱ ጀመረ።

ናይ ሽዑ ኣሰልጣኒት ክለብ ኣስመራ ቢራ ናይ ፓቺ ብቕዓት ጸወታ ኣብ ልምምድ ምስ ተዓዘበ፣ ኣብ ስሩዕ ግጥሚት ግዜ ኪይወሰዱ ከሰልፍዎ ወሰኑ። ፓቺ ብቕልጡፍ ምዕባለን ብቕዓትን ምስ ዓበይቲ ተጻወትቲን ክለባትን ኣብ ሳዕሪ ሜዳ ስታድዮም ኣስመራ ጸወተኡ ፈለመ።

ኣብ ናይ ጸወታ ዘበኑ፣ ሓያሎ ዝድነቑ ቕላዓት ዝተኩሰን ዝንኣድ ሸቶታት ዘመዝገበን ፓቺ፣ ምስ ከም በዓል ቴድሮ ተሰፋገርግሽ (ዓለምጸ)፣ ያሲን መሓመድኑርሃንን ተወልደ ካራተን ብምውህሃድ ዘርእዮ ዝነበረ መሳጢ ጸወታ፣ ኣብ እዋኑ ንደገፍቱ ብሓጎስ ኣሰራሲሩ'ዩ።

እዚ ክእለቱን ብቕዓቱን ኣብ ኣእምሮ ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ተወሪቑ ዘሎ ፓቺ፣ ቀድማይ ናጽነት ምስ ክለብ ኤሌትሪክ (ኤልፓ)፣ ሓሙሰ ምሸት ብመብራህቲ እናገጠሙ፣ ብናጻ ቅላዕ ተኸላኺልቲ ኤልፓ ብዘዓጸውዎ መስመር ዘመዝገቦ፣ ብዘይካ'ዚ ኣብ 1997 ኣስመራ ቢራ ኣንጻር ምድላው መግቢ ሓያል ግጥም ኣብ ተኻይደሉ ዝነበረት ህሞት፣ ንተከላኸልቲ ምድላው መግቢ ኣሽኪ.ዑ ንሓላው ልዳት ገርግሽ ደብሳይ ብየማነይቲ እግሩ ዘመዝገበሉ ከምኡ'ውን ኣብ 1995 ምስ ናይ ርዋንዳ ኣርፒኤ። ካብ ዓለምጸ ተዓጺፋ ዝመጽኣቶ ኩዕሶ ብርእሱ ገጬዩ ዘመዝገቦ፣ ገለ ካብ'ተን ተዘከርቲ ሸቶታቱ'የን።

ፓቺ ንሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ብምውካል፣ ቀድማይ ናጽነት ካብ 1989- 1991፣ ናብ ኣዲስ ኣበባ - ኢትዮጵያ ከይዱ ተጻዊቱ። ድሕሪ ናጽነት'ውን ካብ 1991 ክሳብ 1997 ቀዋሚ ተሰላፊ ኣባል መንእሰያትን ዓበይትን ሃገራዊት ጋንታ ብምዃን ናብ ሱዳን (ካርቱም፣ ከሰላ፣ ፖርት ሱዳን) የመን፣ ኬንያ፣ ብምጋሽ ተጻዊቱ። ኣብ ዓበይ ሃገራዊት ጋንታ ምስ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኑፍ/ር የውሃንስ ዞሚከኤልን ሓው በረኸት ዞሚከኤልን ኣብ ምጥቃዕ ዘርእዮ ዝነበረ ምውህሃድ ከኣ ተዘካሪ'ዩ።

ምስ ክለብ ኣስመራ ቢራ ጽቡቕ ናይ ስፖርት ህይወት ዘሕለፈ ፓቺ፣ ምስ'ታ ክለብ ንልዕሊ 15 ዓመታት ተጻዊቱ። ኣብ 1998 ኣብ ልምምድ ከሎ ናይ በራቑቶ መስበርቲ ስለዝገጠሞ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከቋርጽ ተገዲዱ። ይኹን'ምበር ኣብዚ እዋን'ዚ ምስ ደቂ ጋንትኡ ዝነበሩ “ጋንታ ገዳይም ሞሎቲ” ቀዳም-ቀዳም ኣብ ካምፖ ንእሽቶ ቺቸሮ ናይ ጥዕና ጸወታ የካይድ'ዩ።

ሚከኤል ፓቺ፣ ኣብ ናይ ምስልጣን ስራሕ ዝሕግዞ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ብምውሳድ'ውን፣ ንዝተፈላለያ ክለባት ኣሰልጢኑን የሰልጥንን ኣሎ። ኣብ 2001 ናብ መበል 15 ዞርያ ናብ ሳዋ ምስ ወረደ፣ ካብ ተዓለምቲ 15 ዞርያ ሓንቲ ብልጽቲ ጋንታ መስሪቱ ብምስልጣን ብርክት ዝበለ ሽልማታት ከም እትዓትር ገይሩ። ነታ ንኽፍሊ ታዕሊም እትውክል ጋንታ ሳዋ'ውን፣ ኣብ 2006 ሻምፕዮን ሓይልታት ምክልኻል ክትከውን ኣብ ርእሲ ምብቃዑ፣ ን4 ዓመታት ካብ 2003 ክሳብ 2007 ናይ ዲሰፕሊን ሽልማት ኣዕቲርዋ'ዩ።

ንክለብ ደንደን'ውን ኣብ 2006 ከም ምሉእ ኣሰልጣኒ፣ ካብ 2007- 2010 ምስ ኣሰልጣኒ ናጽነት ያረድ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ፣ ኣብ 2011 ከም ምሉእ ኮይኑ ብምምራሕ ብሉጽ ውጽኢት ከተመዝግብን ኣብ ደረጃታት ክትኣቱን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ። ናይ ምስልጣን ሜላ ከኣ ካብ ኣሰልጣኒ ናጽነት ያረድ ከም ዝተሞከረ ይጠቅስ።

ፓቺ፣ ካብ 2013 ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ እዋን ንክለብ ኣልታሕረር ብምስልጣን ኣብ'ታ ምዕባለታት ኣብ ምርኣይ ይርከብ። ፓቺ ኣብ 1998 ተመርዕዩ። በዓል ሓዳርን ኣቦ 7 ቈልዑን'ዩ።